COMMONWEALTH of VIRGINIA

DEPARTMENT OF SOCIAL SERVICES (ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት)
Office of the Commissioner (ቤት ጽሕፈት ኮሚሽነር)

S. Duke Storen
ኮሚሽነር

ኦገስት 7፣ 2026

ክቡራት ናይ Virginia ነጋዶ

ንኣሽሓት ናይ Virginia ስድራቤታት፣ SNAP ኣብ መኣዲ መግቢ ንምቕራብ ይሕግዝ ከምኡ እውን ዝያዳ ጥዕና ዘለዎ፣ ዝተረጋገጸ መጻኢ ንምህናጽ ይድግፍ። ነጋዶ ናይዚ ዕላማ እዚ ኣገዳሲ ኣካል እዮም፣ ንሕና ኣብ Virginia ናይ SNAP ኣገዳሲ ለውጢ ኣብ ነተግብረሉ እዋን ንዘለኩም ቀጻሊ ምትሕብባር አድንቆ።

ካብ **ሕዳር 1፣ 2026** ጀሚሩ፣ **ጋዝ ዘለዎም ዝተወሰኽ ሽኮር ወይ ሰብ-ሰርሑ መማቕርቲ ዘለዎም መስተታት** (ሶዳ፣ ዳይት/ዜሮ ሶዳ፣ ከምኡ እውን ጋዝ ዘለዎም ናይ ሓይሊ መስተታት ሓዊሱ) ንምዕዳግ ብጥቕማጥቕሚ SNAP ክንጥቀም ኣይንኽእልን ኢና። ካልኦት ኩሎም መስተታት ሕጂ እውን ብSNAP-ብቕዕ እዮም።

እዚ ለውጢ እዚ ንኹሎም **ኣብ Virginia ዝግበሩ ናይ SNAP ንግዳዊ ልውውጣት** ይሰርሕ እዩ፣ ንስኹም እተማልእዎም ናይ ኦንላይን ትእዛዛት ሓዊሱ። Virginia እዚ ምሕዳስ እዚ እትትግብሮ ዘላ ብዝተፈቕደ ናይ U. S. Department of Agriculture (USDA፣ U.S. ክፍሊ ሕርሻ) ውሳነ መሰረት እዩ። (ብዛዕባ እቲ ውሳነ ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዚ ክርከብ ይኽእል እዩ፦ www.fns.usda.gov/snap/waivers/foodrestriction/virginia)።

ነዚ ምሕዳስ እዚ ንምድላው፦

- እቲ ናይ ክፍሊት መስርሕኹም **point of sale ሲስተም** ካብ ሕዳር 1 ጀሚሩ ኑዶም ዝተኸልከሉ ጋዝ ዘለዎምን ዝተማቕሩን መስተታት ከም ዝዓግት ግበሩ።
- ሰራሕተኛታት ብዛዕባ እዞም ናይ SNAP ብቕዓት ለውጥታት ኣሰልጥንዎም።

ነቲ ናይ ሲስተም ምሕዳስ ንምድጋፍ፣ በዚ ለውጢ እዚ ዝጽለዉ ኣቕሑት ዝሓዘ **Universal Product Code (UPC፣ ሓፈሻዊ ኮድ ፍርያት) ዝርዝር** ክንህብ ኢና። ነዚ ዝርዝር እዚ ዝሓዘ ፍሉይ ኢመይል ኣብ ቀረባ ግዜ ካባና ክትጽበዩ ትኽእሉ ኢኹም።

እቲ Virginia Department of Social Services (VDSS፣ ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ቨርጂንያ) ንዓኹምን ንንግድኹምን ንምድጋፍ ኣብ ጎንኹም ከም ዘሎ ከረጋግጸልኩም እፈቱ።

ኣብ ታሕቲ ዝተገልጹ ምቕራብ ክንቅጽል ኢና፦

- ንጹር ናይቶም ዝተኸልከሉ ኣቕሑት መስተታት
- ናይ ምልክት ቅሉዓትን ንዓማዊል ዝቕርቡ ምንጪታትን
- ብኢመይል ዝወሃብ ቴክኒካዊ ሓገዝ
- ሕቶታት ንምሕታት ዕድል ዝህቡ ኣማራጺ ቄቢናራት

Virginia Retailers
ኣገስት 7፣ 2026
ገጽ ክልተ

ንዓማዊል ዝቐርቡ ናይ መራኸቢ ምንጪታት፣ ንጹር ዝርዝር ናይቶም ብ SNAP ዝሸፈኑን ዘይሸፈኑን መስተታት፣ ብብዝሒ ዝሕተቱ ሕቶታትን ተወሳኺ ሓበሬታን ኣብዚ **www.dss.virginia.gov/SNAPHealthy** ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ሕቶታት?
ኩሎም ፍቓድ ዘለዎም ናይ SNAP ነጋዶ ብዛዕባ SNAP Healthy ከምኡ እውን ናብ chip/EMV ካርዲታት ዝግበር ምስግጋር ንምምሃር ንሓደ ሰዓት ኣብ ዝወሃብ ዌቢናራት ምስ ትካልና ክጽንበሩ ተዓዲሞም ኣለዉ። ናይ VDSS መራሕቲ መብርሂ ክቕርቡ እዮም፣ ድሕሪኡ ድማ ካብ ነጋዶ ሕቶታት ክቕበሉ እዮም።
ብኽብረትኩም በዞም ዝስዕቡ ዕለታት ምሳና ክትጽንበሩ ንዕድም፡-

- ሓሙስ፣ ኣገስት 20፣ 2026, ሰዓት 2 - 3 ድሕሪ ቀትሪ – ንምምዝጋብ ኣብዚ ጠውቕ
- ሓሙስ፣ ሴፕቴምበር 3፣ 2026, ሰዓት 2 - 3 ድሕሪ ቀትሪ – ንምምዝጋብ ኣብዚ ጠውቕ

ንዓማዊልን ሰራሕተኛታትን ምችው ዝኾነ ምሕዳስንምድጋፍ ንዘለኩም ምትሕብባር ነመስግን።

ብኽብሪ፣

S. Duke Storen